# ሕጂ’ውን፣ ኣብ ዘይመንጠቢትክን፣ ኣይተእትዋ ኢድክን!!

ኣብ’ዚ ቅንያት እዚ ሕልፍ-ሕልፍ ኢሉ ዝተራእየ፡ ጭንቀት ዝወለዶ፡ በብቑሩብ ፈኸም እንዳበለ ግብረ-ሽበራዊ መልክዕ ዝሕዝ ዘሎ፡ ብሹመኛታት ስርዓት ወያነ፡ “ስመር” ብዝብል ስም ኣጠሚቖ ከዋፍሮም ዝጸንሐ ናይ ባንዳታት ባእታታት፡ ኣብ ከተማታት ሎንዶንን ዋሽንግቶን ዲስን ዝርክብ ኣብያተ-ጽሕፈታት ኤምባሲታትና “እግበር’ዩ ስለ ዝተባህሉ” ምርኢት ክርእዩ ኢሎም ዝፈተንዎ ፈተነ፡ ንነብሶም ኣብ ናይ ውርደት ዓውደ ምርኢት ተቐይሮም።
ነቲ ዝፈተንዎ ጥዕና ዘይብሉ ስጉምቲ፡ ሕርሕራይ ተዋሪዶም፡ ካብኣቶም ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዮም ኣለዉ።






ካብ’ዞም ኣብቲ ዳግማይ ሓደገኛ ተግባር ዝተሳተፉ፡ ቅድሚ ሕጂ’ውን፡ ኣብ ወርሒ መስከረም 2012 ዝተቃንዐ ህዝባዊ ሰላማዊ ኣኼባ፡ ጸጥትኡ ክዘርጉ ኣብ ተመሳሳሊ ተግባር ተዋፊሮም ኔሮም’ዮም። ኣይቀንዖምን፡ ውርደት ተጎልቢቦም፡ ብሰንሰለት መቑሕ ተቐፊዶም ክባረሩ ከለዉ፤ ሽው “ኣብ ዘይመንጠቢትክን ኣይተእትዋ ኢድክን” ተባሂሎም ኔሮም። እንተኾነ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ከም’ቲ እተባህለ፡ ብውሽጢ ሰፍ ዘይብል ዝርብጾም ዝተፈላለየ ጸገማት (ባዕላቶም ዝፈጠርዎ) ኣለዎም። ክዕረዩ ኢልካ እውን ዝሕሰብ ኣይኮነን፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዝፈጸምዎ በደላት ስለ ዘለዎም።
ኻልኣይ ዝዓበየ ተርባጽ ዝፈጥረሎም ዘሎ ኩነታት ግና፡ ኣቐድም ኣቢሎም **”ኣምሪሮም ከልቅሱ ከለዉ ሰሚዕና ኔርና ኢና”** ብድሕሪ ሞት መለስ ዜናዊ፡፡
እታ መናሃርያ ናይ ኩሉ ጸይቅታት፡ ኮይና ንነዊሕ ዓመታት ከኳዱዱላ ዝጸንሑ ኢትዮጵያ፡ ኣብ’ዚ እዋን እዚ ክትኮስ ተቓሪቡ ዘሎ ኣስጋኢ ኅመራ፡ እቲ ስርዓት ደድሕሪ ዋንኡ፡ ኣንፈቱ ናብ መቓብር የጣዓዕም ስለ ዘሎ፤ ምስ ምብቃዕ መዋእል እዚ ጃንዳ፡ እዞም ባእታታት እዚኣቶም፡ ስእሊ መጻኢ ዕድሎም፡ ደጋጊሞም እንክርእዩ መመሊሱ እቲ ጭንቀት ረስኑ ክልዕል ምርኣይ፡ ብዙሕ ምርምር ዘድልዮ ኣይኮነን።

መሬት ክንዲ ዕንቊ ጸቢባ ክትውሕጦም፡ እቲ ትማሊ ካብ ካዝና ናይ’ቲ ስርዓት  ዝረኽብዎ ዝነበሩ ርፍራፍ ንሓዋሩ ከቛርጽ፤ መሕብኢን መሸፈትን ዝጥቀሙለን ዝነብሩ ሆቴላትን ከተማታትን ኢትዮጵያ፡ ክርገጣ ከባህርሮም ናይ ግድን እዩ። ኩነታቶም ድማ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝሓመቐ ከንከባልሉ፡ ዘርኢ ኩነታት እዩ ዝግሃድ ዘሎ።

ኤርትርውያን ካብ መወዳእታ ሱሳታት ኣቢልና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ካብ ንስደድ ጀሚርና፡ ኣብ ዘዝኣተናዮ ሃገራት፡ ክብረትና ሓሊና፡ በቲ ዘሐብን ባህልና እናተመራሕና፤ ብስነ-ስርዓትና እንልለ፡ ክብረ-ወሰን ጭውነት ጨቢጥና፡ ካብ ዝኾነ ግዕዙይ ገበናት ከኣ ሓራ ብምኳን፡ ብኹሎም ፈለጥትና መናብርትናን፡ ብኣብነት እንጥቀስ ዜጋታት ምኳና ታሪኽ ምስክር’ዩ።

ምስ ገዛእቲ ዝነበረናን ዝጸንሓናን ፍልልያት፡ ሽሕ እኳ መሪር ጽልኢ እንተ ነበረናን እንተ’ሎናን፡ ከምዚ ዓይነት ናይ ወረበላታት፡ ተግባራት ኣይፈጸምናን። እቲ ምንታይሲ ተባዓት ስለ ዝነበርና። ንክብሪ እቶም ዘዕቆቡና ኣህዛብን መንግስታትን፡ ብሕጊ እቲ ሃገር ብንቕሓትን ፍልጠትን ተማእዚዝና፡ ዝሓለፍናዮ ዘሕብን ጉዕዞ፡ ብወርቂ ቀለም ተሰኒዱ’ሎ።

እዚ ዝበዝሐ ሕጂ ዝስደድ ዘሎ ወለዶ እውን፡ ብልክዕ በዚ ጽቡቕ ኣብነት እቕጽል ኣሎ። ከም’ቶም ቀዳሞት መሲሉ፡ እምሃር፡ እዓዩ፡ ብድሲፐሊን ህይወቱ እመርሕን ስድሩኡ እናቢን፡ ንላኣላውነት ሃገርን ክብራን ድማ ብትብዓት እምጉትን እምክትን።





እዞም ዝተጠቕሱ ሓደ-ሓደ ውልቀ-ሰባት ግን፡ ነቲ ሒዞሞዎ ዘለዉ ኣንፈት፡ ናብ ዝኸፍአ ግብረ-ሽበራዊ መልክዕ ሒዙ፡ ናብ ዝዓበየ በደል ከይደየበ፡ ዘየድሊ ተወሳኺ ሓደጋ ከየስዓበ፤ ንባዕሉ እዚ ኣዕቊብዎም ዘሎ መንግስትን ሃገርን፡ ንሕግታቱ ተማእዚዞም ክኸዱ ኣተሓሕዝኡ ከሐይል፡ ቅድሚ ዝኾነ ኩነታት፡ ዝምልከቶም ናይ ጸጥታ ኣካላት ኣቓልቦ ክገብርሉ እግባእ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤርትራና ንዘላኣለም ትንበር!
ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ፡ ኣብ ኢድ ሓፋሽ ሓራሪ!!